# ንኹሉ ነናቱ ንሃቦ

## ኣቶ ኢሳያስ ንህዝቢ ኤርትራ ልዕሊ ኹሉ

ብመሰረቱ ሓደ ርእሰ ቢህር ናይ ሓደ ሃገር ኣብ ስልጣን ዝመጽእ ብድምጺ ህዝቢ ኢዩ። ብሓላፍነት ንዝመርጾ ዘሎ ህዝቢ ንዝተወሰነ ግዜ ከገልግል፡ ህዝቢ ቈጽሊ የውደቐሉ (ይመርጾ)። ወይ ድማ ሓደ መራሒ ብኣባታዊ መንገዲ ማለት ብንግስነት ኣቢሉ ኣብ ስልጣን ይመጽእ። ኣብ ግዜና'ኳ እዚ ዓይነት መሪሕነት'ዚ ብዘይካ ኣብ ገለ ገለ ሃገራት፡ ንሽሙ ንጉስ ወይ ንግስቲ ተባሂሉ(ላ) ንምንባር ተዘይኰይኑ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ናይቲ ሃገር ኣይሳተፉን።

መሪሕነት ናይ ኣቶ ኢሳያስ እንታይ ትርጉም ንሃቦ? ብህዝቢ ኣይተመርጸን። ንግስነት ከይንብሎ'ውን ኣቦኡ ወይ ኣባሕጎኡ ነጋውስ ኣይነበሩን። እታ ኤርትራ'ውን ቅድሚኡ ሃገራዊ መንግስቲ ኣይነበራን። "ንህዝቢ ኤርትራ ናጽነትን ሓርነትን ክቃለስ ኢየ" ኢሉ፡ ምስ ህዝቡ ተቓሊሱ፡ ኣብ ስልጣን ባዕሉ ደይቡ ኣይወርድን በለ። እንታይ ይገበር? ህዝቢ ዝተቓለሰ ንሓርነትን ራህዋን ቅሳነትን። ውጽኢቱ ግን ጭቆናን ማእሰርን ስደትን።

ኣቶ ኢሳያስ ንህዝቢ ኤርትራ ልዕሊ ኹሉ ኰይኑ። ኣቶ ኢሳያስ ልዕሊ ህዝቢ። ኣቶ ኢሳያስ ልዕሊ ሕጊ። ኣቶ ኢሳያስ ልዕሊ ሃይማኖት። ሕጊ ጥሒሱ ድላዩ ይቐትል ይኣስር። ትደልዩ'ውን ኵናት ይፈጥር። ሕጂ ከኣ ሕሉፍ ሓሊፉ ኣብ ሃይማኖት ኣትዩ ኣቡን የውርድ፡ ኣቡን ይሸይም። በሉስ'ከ ኣቱም ምእመናን ኣቕሽቲ ሓቂ ተዛረቡ፡ ኣብቲ ቤተ-ክርስቲያናትን ገዳማትን እንታይ ኢልኩም ትጽልዩ ትቕድሱ? ኣቱም ኢማማትን ሽኻትን'ከ እስከ ንገሩና ኣብቲ መሳጊድ እንታይ ኢልኩም ትጽልዩ? እቲ እትጽልዩሉ ህዝቡኹም መሪርዎ'ዶ ኣይኰነን በዚ ስርዓት ተዋሪዱ። ቀደም ከም እንፈልጦ ኣብ ህዝብና ሽግር ወይ ክፋእ ከጋጥም እንከሎ "በቢሃይማኖትና ንጸሊ (ንማህለል) ጸረ ዝህቢ ዝኾነ ስርዓት የጥፋኣልና" ይበሃል ነይሩ ሎሚኸ? ምጾተ ኣለም ኣብ ሃገርና ወሪዱ እንታይ ትብሉ? በዓል ኣብራሃ ካሳ ንስልጣን ክብሉ ህዝቦም ዝኸሓዱ፡ ጀነራላትን ናይ ጸጥታ ሰለይትን ካብ ስርዓት ኣቶ ኢሳያስ ምሕላው ሓሊፎም ኣብ ኣቡናት ምውራን ምድያብን እንታይ ኣእተዎም? ዘገርም ኢዩ። ህዝቢ መጻወቲ ኰይኑ።

ቀጺሉ ኣቶ ኢሳያስ ናይ ኣሜሪካ ናይ ረዲኤት ውድብ (USAID) ከባርር፡ ህዝቢ ኤርትራ ስርናይ ረኺቡ ክዕንገል ኣይጉዳዩን። ብጥሜት ርግፍ እንተበለውን ኣይዓጅቦን። እተገድሶ እታ ስልጣኑ ኢያ። በታ ስልጣኑ ዝመጾ ናይ ሞትን ሂወትን ጉዳይ ኢዩ። ዝኾነ ይኹን ስጉምቲ ክወስድ ድሕር ኣይብልን።ኣብ ምስንጉ ናይዚ ግብረ ሰናይ ማሕበር ዘብጸሐ'ውን ኣቶ ኢሳያስ ንስልጣኑ ዘርኢ ጉዳይ ኣብ ልዕሊ ኣሜሪካ እምነት ስለ ዝሰኣነ ጥራይ ኢዩ። ትዘይኰነ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ግዜ'ዚ ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ንህይወቱ ኣብ ርዲኤት ዝተመርኰሰ ኢዩ። ካብ ናይ ስልጣን ጉዳይ ሓሊፉ ሕቶ ናይ ዶብ ምስ ረዲኤት እንታይ ኣራኸቦ?

## ይግባይ ዘይብሉ ግፍዒ

ህዝቢ ኤርትራ ናብ መን ኣቤት ይበል? ተቃዋሚ ደንበ ከምቲ ዝሓሰቦ ክረድኦ ኣይከኣለን። ግዜ ነዊሑ፡ ግፍዒ ድማ መሪሩ። ኣሜርካ ኣብ በርከት ዝበላ፡ ብዲክታቶርያዊ ስርዓታት ዝመሓደራ ዝነበራ ሃገራት ኢድ ኣእትያ ኢያ። ገለ ንምጥቃስ፡ ርሑቕ ከይከድና ንመንግስቱ ሃይለማርያም ንምውዳቕ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ሳዳም ሑሰን ንምውዳቕ ኣብ ዒራቕ፡ ኣማኤል ኖሪጋ ንምውራድ ኣብ ፓናማ፡ ቻርለስ ተይለር ንምራድ ኣብ ላይበርያ ወ.ዘ.ተ. እሞ ግፍዒ ናይ ኣቶ ኢስያስ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ካብዞም ናይ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ዝቐልል ኣይኰነን። ወይስ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ጠቕሚ ስለ ዘየሎ ኢዩ? በዚ ከይኑ በቲ ርግጽ ኢዩ፡ ካብ ወጻኢ መጺኡ ዝገላግለካ ሓይሊ ዘኹርዕ ኣይኰነን። ኣነ'ውን ኣይምተመኖኹን። እንተኾነ ግን፡ ግፍዒ ህዝቢ እንተ በዝሐኸ ግዜ እንተ ነውሐኸ ከኣ ትብል!!!

## ዝሞተ ኣይኽሰስን

ናይ ሓደ ህዝባዊ ቃልሲ ዓወት ወሳኒ ተሳትፎ ህዝቢ ኢዩ። ዋላ'ውን ንፉዓት ጀጋኑ ባእታታት እንተ ለው፡ ህዝቢ ዘይተኻፈሎ ቃልሲ ኣይዕወትን። ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ዝተዓወተ፡ ንሽም ናጽነት ጥራይ ድኣ ኰኑ'ምበር ህዝቢ ብቈራጽነትን ብጅግንነትን ስለ ዝተሳተፎ ጥራይ ኢዩ። ስለዚ ኢዩ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ጅግንነት ታሪኽ ሰሪሑ ዝበሃል።

ኣብዚ ከይጠቐስክዎ ክሓልፍ ዘይደሊ ሞት ኣቶ ዓሊ ሲዒድ ኢዩ። እወ! ሞት ኣይኰነን ንሓደ ሓውካ ንዝሽሎኀ ሰብ ኣይትምነዮን። ዋላ እንተ ጸላእካዮ። እምበኣር ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ከም ኣቶ ኢሳያስ ዝተጸልአ ሰብ የለን። ግን ንኣቶ ኢሳያስ ብሕጊ ድኣ ንምነዮ'ምበር ብሞት ኣይንምነዮን። በታ ዝረገጻ ሕጊ ግን ክንዋጽኦ ንደሊ።

ኣቶ ዓሊ ሲዒድ ሕጂ ምስ ሞተ ክንክሶ ዘይኰነ ግን ከኣ ናቱ ንሃቦ። እታ ምስ ህዝቡ ኣብ ቃልሲ ዘበርከታ ኣዎንታዊ ኣስተዋጽኦ ኣብ ታሪኽ ምዝግብቲ ትኸውን። ድሕሪ ናጽነት ግን መሳርሒ ስርዓት ኢሳያስ ኰይኑ ኣብ ህዝብና ዝወረደ ግፍዒ ኣይንርስዮን። ከምቲ ዝጠቐስክዎ ሕጂ ምስ ሞተ ክንክሶ ዘይኰነስ ምስቶም ሕጂ ህዝቢ ዘሳቕዩ ዘለው ብጾቱ ኣብ ሕጊ ከነቕርቦ ምተመነና። ዝኾነ ኰይኑ ብዛዕባ ሞቱ ዝተፈላለየ ጽሑፋት ስለዘንበብኩ፡ ገሊኡ "እንቋዕ ሞተ" ዝዓይነቱ። ገሊኡ ድማ ካብ ክብሪ ህዝቢ ንላዕሊ ይህብዎ ብምርኣየይ ኢየ "ንኹሉ ናናቱ ንሃቦ" ዝበልኩ። ንዓይ ካብ መጀመርታ ስጋብ መጨርሽታ ብጅግንነት ተቓሊሶም፡ ዝተቓለስሉ ፍረ ክዋለፍ ብምርኣዮም ንስርዓት ኢሳያስ ኣይፋል ዝበሉ፡ ምእንተ ህዝቦም ዝሓለፉን ሎሚ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝሳቐዩ ዘለውን ኢዮም ጀጋኑ።

## <u>ናይ ቃልሲ ስትራተጂ እንተንቕይር ይሓይሽ</u>

ሓደ ህዝባዊ ቃልሲ ብጽፉፍ ከተካይዶ ኣዝዩ ከቢድ ኢዩ። ብፍላይ ከምዚ ሒዝናዮ ዘሎና ውሽጣዊ ቃልሲ ዝተሓላለኸ ኢዩ። ብዙሓት ንስርዓት ህግደፍ ከም ሓደ ጸላኢ ህዝቢ ጌሮም ዘይወስድዎ ኣለው። ካሊእ ዘይከነ ሓደ ሃገራዊ መራሒ፡ ሃገራዊ ባንደራ ስለዘለዎ። ካብዚ ተበጊሶም "እቶም ተቓወምቲ'ውን ስለዘይሪብሑ፡ ስቕ ምባል ይሓይሽ" ዝብሉ ። እዚ ግን ናይ ቃልሲ ባህረይ ኣይኰነን። ፈቲና ጸሊእና ነቲ ዘሎ ተቓዋሚ ደምቢ ሒዝና ኢና ክንንዓዝ ዘሎና።

ኣነ ከምዝመስለኒ ስርዓት ህግደፍ ዝቃለስና ዘሎ ብ ኣብ ኣእምሮ ህዝቢ ዘስፈሮ ስነ ሓሳብ ኢዩ። እዚ ስነሓሳብ'ዚ ብግዳም ብሃገራውነት ዝተሸፈነ ኰይኑ፡ ብትሕዝትኡ ግን ኣብ ውልቀ መራሕቲ ምእማን ዝተመስረተ ኢዩ። ብቐዳምነት ስልጣን ልዕሊ ህዝቢ ትስራዕ። "ህዝቢ ይተዓወት'ምበር ከም ሓደ ተራ ውልቀሰብ ኰይነ ክቃለስ" ዝብል መራሒ ዳርጋ የለን ክበሃል ይከኣል። ኩሉ ግዜ ኣብ ስልጣን ክነብሩ ይደልዩ። ንኣብነት ኣቶ ኢሰያስ ንውሰድ ካልኦት ከኣ ከምኡ። ስልጣን ምስ ዝስእኑዋ፡ ጥርኑፍ ግንባር ዘዳኽሙ፡ ንነዊሕ ዓመታት ዝተሃንጹ ውድባት ዝፈናጭሉ መራሕቲ ኢዮም ዘለውና። ኣብ ናይ ኢንተርነት ቈየጃ ከይእቱም'በር ንትንተናይ ዝድግፍ ጭብጥታት መቕረብኩ። ንሕና ድማ መብዛሕትና ኣብ ውልቀ መራሕቲ ንኣምን "ኣየ ወዲ ክስቶ! ጅግና። ከምኡ'ካ ስጋብ ሕጂ ኣይተፈጥረን። ንሱ ምስ ዝመውት እዛ ሃገር ግብ ክትብል ኢያ።" ይብሉ። ብዚ ኰይኑ በቲ ግን ካብ ሰውራ ኤርትራ ተበጊሱ፡ ብኣቶ ኢሳያስ ዝተሃንደሰ ናይ ውልቀ ስልጣን ሕማም ኢዩ ወሪዱና ዘሎ። ኣብ ክንዲ ህዝባዊ ታሪኽ፡ ውልቃዊ ታሪኽ ምግናን። ፖለቲካዊ ስልጣን ንምጭባጥ ሃይማኖታውን ወገናውን ስሚዒታት ኣብ ህዝቢ ከም ዝሰፍር ምግባር።

እቲ ሕቶ ካብዚ ሓደገኛ ሕማም'ዚ ብኸመይ ንፈወስ ኢዩ? መፍትሒኡ መሪር ቃልሲ ኰይኑ ስነሓሳብ ህግደፍ ከም ሓሳብ መጠን ካብ ሓንጎል ህዝብና ምልቓቕ ኢዩ። ዋላ'ውን ስርዓት ህግደፍ ተደምሲሱ እዚ ዘሎ ኣተሓሳስባ ኣብ ህዝብና ምስ ዝተርፍ ካብዚ ሕማም ተፈዊስና ማለት ኣይኰነን። ኣዚ ስርዓት'ዚ ካብ ባህልና ጀሚሩ ስጋብ ስነ-ኣእምሮ ህዝብና በኪልዎ ኢዩ። መንእሰያትና ካብ ማእሰርትን መከራን ስርዓት ህግደፍ ሃዲሞም ኣብ ሰላም ዝነገሰሉ ቦታ ምስ በጽሑ ነቲ ሃዲሞሙሉ ዝመጹ ስርዓት ዘይምቅላሶም ሓደ ናይ ስነ ሓሳብ ሽግር ምዃኑ ክንርዳእ ኣሎና። ሀ፡ ሁ ኢልና ነቲ ዝነብረ ባህልን ስነሓሳብን ክንመልስ ንፈትን። ኣነ ካብ ምባል ንሕና፡ ንዓይ ካብ ምባል ንዓና፡ ስልጣነይ ካብ ምባል ስልጣን ናይ ህዝቢ ንምባል ንቃለስ።

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ

ኣድሓኖም ፍትዊ